ንማይጨው ሕርሻ ኮለጅ ግልጋሎት ዝውዕል ናይ መኪና ስፔር ፣ ናይ ፅሕፈት መሳርሒ፣ ናይ ናይ ኤሌትሪክ ኣቁሑት፣ ናይ ማይ ኣቁሑትን ናይ ፅሬት ኣቁሑትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ታሕሳስ 22, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 14, 2016 3:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:ማይጨዉ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 14, 2016 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ቱቦታትን ኣክሰሰሪታትን/

ስለዚ ኣብዚ ጨረታ ክትወዳደሩ ትደልዩ ነጋዶ ዝስዕብ ረቛሒ ክተማልኡ ይግባእ።

1. ናይ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ኣተሓሒዝኩም ክተቕርቡ እትኽእሉ

2. ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቑፅሪ ዝተመዝገብኩምን IN ሰርተፊኬት ክተቕርቡ ትኽእሉ 3.ቫት ዝተመዝገብኩምሉ ሰርቴፊኬትን ናይ ሕዳር ዴክሌር ዝገበርኩሙሉ መረዳእታን ክትቅርቡ እትኽእሉ፣

4. ናይ መቕማይጨው ሕርሻ ኮለጅረባይነት ሰርቴፊኬት ዝሓዝኩም

5. ሰነድ ጨረታ ፎቶ ኮፒን ኦርጅናልን ብ2' ፖስታ /ኢንቨሎፕ/ ተዓሺጉ ከቅርብ ዝክእል

6. ጨረታ ሰዓርቲ እንተኾይንኩም ዝሰዓርኩምዎ ንብረት ውዕሊ ካብ ዝኣሰርኩምዎ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10' ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕልኹም መጓዓዝያ ናብ ማይጨው ሕርሻ ኮሌጅ ብፅሬትን ብመጠንን ተቕርቡ ምኳንኩም ፣

7. ኣብቲ ጨረታ ዝሰዓርኹምዎ ንብረት ሓደ ዓይነት ዋጋ ንዘቅረብኩም ተወዳደርቲ 2ይ ዋጋ ብምቅራብ እትፍለዩ ምኳኑ፣

8. መወዳደሪ ደኩሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ሽምን ኣድራሻን ዘለዎ ናይቲ ትካልኩም ማህተምን ፊርማን ክህልዎ ኣለዎ ፣

9. ተጫረቲ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 /ሓምሳ ብር/ እናኸፈልኩም ካብ ማይጨው ሕርሻ ኮሌጅ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ር ኣብ ቁፅሪ ቢሮ 02 ህ-B-25 ካብ 22/04/2016 ዓ/ም ክሳብ 13/05/2016 ዓ/ም ሰዓት 11:00 እናመፃእኹም ክትወስዱ ትኽእሉ ፣

10. እቲ ጨረታ ዕለት 14/05/2016 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:30 ተኣሽጉ ኣብቲ ዕለት ስዓት 4:00 ኣብ ማይጨው ሕርሻ ኮሌጅ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፉይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ተጫረትቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኸፈት ።

11. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ንመኪና ስፔር ፣ንፅ/መሳርሒ፣ ንኤ/ሪክ ኣቁሑት ፣ ንማይ ኣቁሑትን ብር 3000.00 /ሰለስተ ሽሕ ብር/ ብCPO ፣ ብባንክ ዝተረጋገፀ ቼክ ወይ ጥረ ገንዘብ ክተትሕዙ እትኽእሉ እንተኾን ንናይ ፅሬት ኣቁሑት ግና ብር 1000 /ሓደ ሽሕ ብር/፣ ብCPO ፣ብባንክ ዝተረጋገፀ ቼክ ወይ ጥረ ገንዘብ ክተትሕዙ እትኽእሉ፣

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12. ዝተወዳደርለ ሰነድ ኮፒን ኦርጅናልን ክትኣቅርቡ እትኽእሉ ከምኡ ድማ ስሩዕ ሰነድ ጨረታ ሕድ ሕድ ገፅ ናይ ተጫረቲ ማህተም ብምግባር ብዝተኣሸገ ፓስታ ኣብ ዝተዳለወ ሳጥንዱቕ ተእትው ትክእሉ።

13. ናይ ሕድ ሕድ ንብረት መዐቀኒ ብነፀላ ወይ ብፓኬት ምኻኑ ኣስተውዒሎም ዋጋ ይምልኡ።

14. ኮሌጅና ነቲ ጨረታ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ኮነ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

❖ ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቴሌፎን ቑፅሪ 0914281062 /09147,5649 ደዊልዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ምዃንኩም ንሕብር

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle